# ሕጂ እውን እንተኾነ ሓፋሽ እዩ ወሳኒ።

ሕጂ'ውን እንተኾነ ሓፋሽ ውሳኒ ግደ ከምዘለዎ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ ኣዋርሕን መዓልታትን ብተግባር ክረጋገጽ ክኢሉ ኣሎ ።

ቅድሚ ነዚ ዘሎ ንጥፈታት ምግላጽ፡ ብሕጽር ዝበለ መንገዲ ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ግደ ሓፋሽ ከምይ ከም ዝነበረ እንተ ተራኣየ ጠቓሚ እዩ።

ብመሰረቱ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ቃልሲ ሓፋሽ እዩ። ፖለቲካዊ ንጥፈታት ማሕበር ሸውዓተ፡ ናይ 1958 ኣድማ ሰራሕተኛታት፡ ዝተፈላለዩ ሰላማዊ ሰልፍታትን ኣድማ ተማሃሮን፡ ፖሊቲካዊ ውደባ ተማሃሮ ኣብ ክሊ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርትን፡ ዩኒቨርስትን፡ ፖሊተክኒክን።

ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ኤርትራ፡ ብውሽጢ በቲ ብመጓሰን ሕረሻን ዝንብር ዝነበረ ህዝቢ፡ ብደገ ድማ ብኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ናይ ማእከላይ ምስራቕ ዝነበሩ ተመሃሮን ዝተሰዱ ግዱሳት ደቂ ሃገርን ብዝህብዎ ዝነበሩ ደገፍን ምትብባዕን እዩ ተበጊሱ።

ቀጺሉ ካብዚ ክጥቀስ ዝጸንሐ ጊዜ ኣትሒዙ ክሳብ ምዝዛም ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣንጻር መግዛእቲ፡ ብናይ ሓፋሽ ተሳትፎን ወሳንነትን እዩ ተደምዲሙ።

ኣብ 1964 በቲ ኣብ ወጻኢ ዝመደበሩ ብላዕለዋይ መሪሕነት ዝፍለጥ፡ ከም ናይ ኣልጀርያ ተመክሮ ተባሂሉ ክቖውም ዝኣዘዘ ኣገባብ ኣመሰራትታ ክፍልታት፡ ካብ ጥቕሙ ኣሉታዊ ሳዕቤናቱ ምስ ተራእየ፡ ዋላ እኳ ድሕሪኡ ብሰንኪ ውዲታት ላዕለዋይ መሪሕነት፡ እቲ ውድብ ኣብ ተ.ሓ.ኤ / ህዝባዊ ሓይልታት፡ ዝብል እንተ ተንፈጨለ፡ ሓፋሽ ተጋዳላይ ነዚ ብዘመነ ክፍልታት ዝፍለጥ ታሪኽ፡ ተቓሊሱ ኣብ ትሕቲ ሓደ ምእኩል ኣመራርሓ ክኸውን ገይሩ እዩ። ድሕሪ እዚ ምፍንጫል፡ ካብ 1971 ክሳብ መወዳእታ 1974 ዝተካየደ ውግእ ሕድሕድ ጠጠው ክብልን፡ ካልኣዊ ግርጭታትካ ብዘተ ፈቲሕካ፡ ኣንጻር መግዛእቲ ብሓባር ምቅላስ ዝብል ተበግሶታት፡ ካብ ሓፋሽ ተጋዳላይን ህዝብን በብግዜኡ ኣብ ግብሪ ንኽውዕሉ ዝተፈተኑ ጻዕርታት ነይሮም እዮም።

እቶም ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ሓይልታት፡ ዝነበሩ ተበግሶታት፤ ናይ ብመንካዕ ዝፍልጥ ምንቅስቓስ፡ ብበዓል ዶ. ኢዮብን፡ ብብጻይ ኅይቶኦምን ዝፍልጡ ምንቅስቃሳት፡ በቲ ሓያል ዝኾነ ሓለዋ ሰውራ ተቐንጺሎም መስዋእቲ ከፊሎም እዮም።

ኣብ ጀብሃ፡ ብፍላይ ብኣመራርሓ ደረጃ ንግርጭት ብዝተ ምፍታሕ ዝብል ኣረዳድኣ ጸቢብ ባይታ ይንበሮ ዳኣምበር፡ ኣብ ምወዳእታ 1974 ነሕዋትና ኣይንወግእን ኢና፡ ግርጭትና ብዘተ ይፈታሕ ዝብል፡ ብሓፋሽ ተጋዳላይ ዝተወሰደ ተበግሶ፡ ንመሪሕነት ተ.ሓ.ኤ ውግእ ጠጠው ከተብልን፡ ናብ ዘተ ዘምርሕ ኣተሓሳስባ ክትሕዝን ከም ዝገበረ ዝፍለጥ እዩ።

ካብ 1978 ክሳብ 1991 ናይ ሎንደን ኣኼባ ቅድም ብመንጎኝነት ሶቭየት ሕብረት ድሒሩ ብኣመሪካ ምስ ደርጊ፡ ንነጻነት ኤርትራ ኣብ ክሊ ዞባዊ ምምሕዳር ክሕጽር ዝገብር ዋስታታት ዘለዋ ናይ ተምበርካኽነት ርክባት መሪሕነታት ተ.ሓ.ኤን ህዝባዊ ግንባርን፡ ሓፋሽ ተጋዳልይን ህዝብን ነቒሕሉ፡ ብትሪ ተቓውምኡ ስለ ዘስምዐ ንመግዛእቲ ኢትዮጵያ ክስዕር በቒዐ።

ተ.ሓ.ኤ ብናይ ገዛእ ርእሳ ውሽጣዊ ድኽምታትን፡ ብዝተወሃሃዳ ዝተገብረላ መጥቃዕቲ ናብ ሱዳን ምስ ኣተወት፡ ቃልሲ ኤርትራ ህዝባዊ ቃልሲ ምዃኑ ብምዝንጋዕ፡ ምስ ናይ ውድባትን ምስ ናይ ገዛእርእሶም ኣተሃላልዋን ዝርእዩ ዝነበሩ መሪሕነታትን ካድራትን፡ ዓወት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምልክት ሕቶ ብምእታው፡ እቲ ደስኪሉ ዝነበረ ዘተ ምስ ደርጊ ናይ ምቕጻሉ ምልክታት የርእዩ ነይሮም እዮም። እዚ እውን በቲ ሓፋሽ ተጋዳላይን ህዝብን ተቓውሞ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ተግባራዊ መልሲ ተዋሂብዎ እዩ።

ብታሪኻዊ ተበግሶ መሰረታት ሓዳስ ተ.ሓ.ኤ. ክትህንጽ እያ። ምስ ህዝባዊ ግንባር ዘሎ ግርጭት ብዘተ ፈቲሕና፡ ኣብቲ ንናጽነት ኤርትራ ንምግኑጻፍ ዝካየድ ዘሎ ሓርበኛዊ ቃልሲ እጃምና ከነበርክት እና ብምባል፡ እቲ ብስሪሒት ሳግም ዝፍለጥ፡ ካብ ስዳት ንሃገሩ ዝተመልሰ ተጋዳላይ ኣብ ናይ ሓፋሽ ወሳንነት ታሪኽ፡ ብልጫ ዘለዎ ስርሒት እዩ።

ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት፡ ሕጂ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ክዳን ክምስረት ዝኻኣለ፡
ግደ ሓፋሽ ተጋዳልይን ህዝብን ብዝገበሮ ጻዕሪ ምዃኑ ሓደ ቡሩህ ሓቂ እዩ።

ንምፍንጥሒ ንዝግበሩ ፈተነታት እውን ሓፋሽ ክሳብ ሕጂ ይቓለሶም  እሎ።

ድሕሪ 5 ይስሩዕ ኣኼባ ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ፡ ብምኽንያት መሪሕነት ምምራጽ ብዝተፈጥረ ዘይምስምማዕ፡ መሪሕነት ሰውራዊ ባይቶ ካብ ምሕዝነት ምውጻእ ዝወሰዶ ስጉምቲ ብሓፋሽ ተጋዳላይን ኣባልን ደገፍ ስለ ዘይረኸበ እቲ ውድብ ካብ ምፍንጫል ክድሕን ኣይከኣለን። ይኹን ደኣ'ምበር ድሕሪኡ እቲ ናይ መሰረታት ተበግሶ ሓቅነት ስለ ዝነበሮ፡ ክልቲኡ ውድባት ናብ ምሕዝነት ወይ ኪዳን ተጽንቢሩ እዩ። እዚ ናይ መሰረታት ተበግሶ ብሓፈሻ ተጋዳላይን ህዝብን ዓቢ ኣድንቖትን ፖሊቲካዊ ደገፍን ረኺቡ እዩ።

*<u>ሕጂ እውን ኣመል ምስ መግነዝ ከምዝበሃል፡ ልክዕ ከምቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ብሰንኪ ምምራጽ መሪሕነት ዘይምርድዳእን ምፍልላይን ተረኺቡ ኣሎ። ሓፋሽ ተጋዳላይን ህዝብን ድማ ከም ወትሩ፡ ጌጋታትኩም ኣሪምኩም ኪዳን ናብ ንቡር ቦትኡ ይመልስ ይብል ኣሎ።</u>*

ካብቲ ዘገርም ግን ኣብ ክንዲ ሕቶ ሓፋሽ ምምላስ፡ ሓፋሽ ያኢ ከም ቀዳማይ ክፍሊ ተማሃራይ ፖሊቲካ ተገሚቱ፡ ኣብዚ ናይ ቀረባ መዓልታት ዝናፈስ ዘሎ ናይ ገለ መሪሕነታት ጽሑፋት፡ ባህርያት ናይ ስሙር ግንባርን፡ ስትራተጅካውን ስልታውን ዝምድናታት ከመይ ምዃኖም ትምህርቲ ኣብ ምሃብ ይርከብ። ካብ ትንታኔታቶም ተበጊሶም ድማ እቲ ዝጸንሐ ስሙር ግንባር ወይ ኪዳን ናብ ንቡር ቦትኡ ይመልስ ምባል ኣይከኣልን፡ ሕልሚ እዩ ዝብል መደምደምታ በጺሖም ይርካቡ ኣለዉ።
ነዚ ጉዳይ  ዝምልከት  ነብሱ ዝኽኣለ መልሲ ከድሊ እዩ። እዞም መማህራን እዚኣቶም ዝዘንግዕዎ ነገር ግን ኣሎዎም። እዚ ዝዛረብ ዘሎ ሓፋሽ፡ ፖሊቲካዊ ኣፍልጥኡ ድሩት ስለ ዝኾነ፡ ካብ መሰረት ዘይብሉ ኣረዳድኣ ተበጊሱ ዝውስን ዘሎ እንተመሲልዎም፡ ይጋገዩ ኣሎዉ። እዚ ሓፍሽ እዚ ገሊኡ ልዕለኦም ገሊኡ ድማ ማዕሪኦም ምዃኑ ክግንዘቡ ይግባእ።

ኣብዚ ውሽጢ ዓመት ቅድሚ ኣኼባን ድሕሪ ኣኼባ ናይ ኪዳን ብዙሕ ተባሂሉን  ተጻሒፉን፡ ገሊኡ ፈኸራን ምፍርራሕን ዝተሓወሶ። ንብሄራውን፡ ሃይማኖታውን ባህላውን መሰላቱ ክኽበረሉ ንዝሓትት ከም ትሕተ ሃገራዊ ብምግላጽ ሓላፍነት ዝጐደሎ ትንታትኔታት ተሰሚዑ እዩ።

እቲ ዘገድስ ግን ሓፍሽ እንታይ መልሲ ሂቡ እዩ።

ንኣብነት ዝጥቀሱ፥ ብደረጃ ኤውሮጳ ዝተኻየደ ሰሚናር ግ.ሃ.ድ.ኤ፥ ብህ.ደ.ግ.ሕ ብደረጃ ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ኣባላትን ብውድብ ዝወጹ መግለጺታትን፥ ብጨናፍር 4 ውድባት ኣባላት ኤዲኪ ኣብ ሽወደን ዝወጸ መግለጺ ከምኡ እውን ኣብ ዓዲ እንግሊዝ፥ ኣብ  ሽቱትጋርድን ከባቢኣን ዝርከቡ ኣባላት 3 ሲቪካዊ ማሕበራት፡ ኣብ ኣመሪካ ዝመደበሩ ኣባልት ናይ ፖሊቲካ ፎሩም፡ ግዱሳት ደረስቲ ኤርትራውያን በብመዓልቱ ከይሰልከዮም ኣብ ወብሳይታት ዝጽሕፉ ዘለዉ፡ መራኸቢ ቡዙሃን ደምበ ተቓውሞ ምእንቲ  ክበራበርን ክሰርሕን ዘመሓላልፈዎ ዘለዋ ኣስተምሆሮታትን ናይ ህዝቢ ርእይቶታ ዘስተኣናግዱን ከም በዓል  መሰልና ደሊና፡ ቲቪ ዘተ፡ ቲቪ ኣዳል ከም እውን ካልኦት ዝተፈላለየ ወብሳይታት።

ውጽኢት ናይዚ ተበግሶታትዚ ድማ ድሮ ዘተስፍውን ዘሐጉስን ኣውንታዊ ተግባራዊ ስጉምታት ይውሰድ ኣሎ። ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ኣብ ኣብ ዋሺንግቶን ዲሲ፡ ዕቱብ ናይ ሓባር ስርሓት ክካየድ ይርኤ ኣሎ። ኣብ ሽወደን፡ ብተቓወምቲ ውድባትን ብሲቪካዊ ማሕበራት ዝቖመት ሽማግለ ተደጋጋሚ ሰላማዊ ሰልፍታት ብምግባርን ናይ ሓባር በዓላት ብምድላው ጽቡቕ ናይ ምርድዳኣን ተጠርኒፍካ ናይ ምቅላስ መንፈስ ክምዕብል ትሰርሕ ኣላ። ኣብ ጀርመን፡ ብምኽንያት

ምድላው ሰላማዊ ሰልፊ ናይ 18/09/07 ካብ ተቓወምቲ ውድባትን ሲቪካዊ ማሕበራትን ዝቐመት ሽማግለ ኣላ። እዛ ሽማግለ ቐዋሚት ክትከውን፡ ሓላፍነታ ድማ ንዝግበሩ ሰላማዊ ሰልፍታትን ካልእ ናይ ሓባር ስርሓትን ኣኼባታትን ከተዳሉ ኣብ ሓፈሻዊ ስምምዕ በጺሓ ኣላ።

ተመሳሳሊ ተበግሶታት ኣብ ዝተፈላለ ሃገራት እውን ይብገስ ኣሎ።

ስለዚ እዚ ናይ ሓፋሽ ተበግሶዚ፡ ሐደ ካብቲ ንደምበ ተቓውሞ ህልውንኡ ዘረጋግጽን ነቶም በብጊዜ ዝዕንቅፍዎ ነገራት ተቓሊሱ ክስዕሮም ዝገብሮ ተጋድሎ ዝሕግዝ፡ እቲ ኣብ ዝተፈላለ ውድባት ዘሎ ተጋዳላይ ካብ ሱሳታትን ሰብዓታትን ኣትሒዙ መግዛእቲ ንምብራር ዝዓጠቓ ብረት፡ ክሳብ ሕጂ ገና ካብ ዝባኑ ከየወርዳ ካብ ናይ ደቂ ሃገር መግዛእቲ ንምልቓቕን ንሓርነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ንምርጋግጽ ዝቃልስ ዘሎ ደራኺን ወሳናን ሓይሊ ብምህላዉ ምኻኑ ክርዳእ ይግባእ።

ስለዚ ካብዚ ድኹም ኣተሃላልዋ ኣውጺኡም ቃልስታት ዘነሃህሩ፡ ሓንሳብን ንሓዋርን ህዝብናን ሃገርናን ካብ ናይ ህግድፍ ኣረመናዊ መግዛእቲ ኣገላጊሎም፡ ብሰላም ንነብረላን ብዲሞክራስያዊ ሕግታት እትማሓደር ሃገር ክንሃንጽ፡ ክሕግዙና ዝኽእሉ ናይ ግብሪ መደባት ክንውሰድ ይግባእ።

ብሸነኽና ብዛዕባ ኣብ ውሽጢ ኤዲኪ ዝተረኽበ ምምቓልን፡ ብሐፈሻ ብዛዕባ ጥርናፌ ደምበ ተቓውሞን፡ ሲቪካዊ ማሕበራትን ዝምልከት ነገራት፡ ብሕጽር ዝበለ ንምእራሙ ይኹን ንምጥራናፉ ይሕግዙ እዮም ንብሎም ነገራት እዞም ዝስዕቡ እዮም፥

ሀ/ ምምስራት ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ሕጂ ኤዲኪ ዋላ ሕጽረታትን ድኽመታትን ይሃልዎ፡ ኣብ ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ ብኣውንታ ዝምዝገብ ፡ ጥራናፌኡ ድማ ብህዝቢ ተቓባልነትን ደገፍን ዝረኸበን ይረክብን ዘሎ ውደባ ብምኻኑ፡ ክሰፍሕን ክሕይልን ንዝግበሩ መደባት ድማ ንድግፍን ነተግብርን። እዚ ድማ ካብ ናህና ውልቃዊ ድልየታት ዝተበገሰ ጥራሕ ዘይኮነስ ካብ ህዝብና ዝምንጭዉ ዘሎዉ እምነታት ዘረጋገጸዎ ሓቂ እዩ።

ህዝቢ፡ ተጠርኒፉ ንዘሎ ምብታን ዘይኮነ ንዕኡ ንምድልዳልን ምስፋሕን፡ ነቲ ዝተፈጸመ ጌጋታታት ምእራም ምኻኑ ድልየቱ ገሊጹ ኣሎ። በቲ ዝተረኸበ ጌጋታት ኣመኽኒኻ ንውልቃዊ ድልየትካ ከተርዊ ክስርሑ ንዝድለዩ ዘለዉ ብሎኮታት ከም ዘይቅበል ሓፋሽ ሓቢሩ ኣሎ።

ለ/ ክልቲኡ ሸነኽ ናይ ኤዲኪ፡ በቲ ዝጸደቐ ቻርተር ከም ዝምእዘዝን ከም ዝሰርሓሉን ብሰነዳቱ ንህዝቢ ሓቢሩ። ህዝቢ፡ ካብ ዘለዎ ንቑሕ ኣረዳድኣ ተበጊሱ ድማ ቻርተር ማእከልኩም ካብ ገብርኩም እንታይ ናብ 2ት ብሎክ ናይ ምስራሕ መግልጽታትን ተበገሶታትን ዝውሰድ መኣዝን ይምረጽ ኣሎ? ዝብል ሕቶ የቕርብ ኣሎ። ክልተ ብሎክ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ዝተፈላለ ቻርተር ምስ ዝህልወካ እዩ ዝብል ሕቶ ቀሪቡ መልስኹም ይጽብ ኣሎ። ህዝቢ፡ ንሕቶኡ ዝምልሱ መግለጽታት ኣውጺኡ ናይ ኣተጋባብርኡ መደባትን ለበዋታትን እውን ሓቢሩ። ብዛዕባ እዚ ዝተጠቕሰ ሽግር ንምፍታሕ ክውሰዱ ዘለዎም ተግባራዊ መደባት ዳርጋ ኩላትና ናይ ሓባር ኣረዳድኣ ኣሎና፡

1/ ውድባት ኤ.ዲኪ ህጹጽ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ብምግባር፡ ለበዋ ህዝቢ ንምኽባር፡ ብዛዕባቲ ንኣመራርጻ ኣቦ መንበርን ኣባልት ፈጻሚ ቤት-ጽሕፈት ዝምልከት፡ ዝፈላለየ ዓንቀጽ መፍትሒ ምንዳይ።

2/ መሊስካ ኣብ ዘይተደላይ ግርጭት ጥሒልካ ናይ ምጥርናፉ ጸገማት ከይክሰቱ፡ ናይ ሕጊ ትምህርቲ ዘለዎም ሃገራውያን፡ ከም ተዓዘብትን ኣለይትን ክኾኑ ኣብቲ ኣኼባ ከም ዝሳተፉ ምግባር።

3/ ብሕጽር ዝበለ መንገዲ ግን እዚ ኣብ ውሽጢ ሃገርና ዘሎ ክውንነትን፡ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪካ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ንኹሉ ክልብድ ዝክእል ናይ ኩናት ሃዋህው ኣብ ዝራኣየሉ እዋን፡ ቅልጡፍ መልሲ የድሊ ኣሎ በሃልቲ ኢና። ስለዚ ድልየትን ቅንዕናን እንተ ተሓዊስዎ፡ እታ ቅድሚ ኩሉ ጉዳይ ህዝብን ሃገርን ትብል ጭረሖ ንዝክራ እንተሎና፡ እቲ ፍታሕ ንምቅልጣፍ፡ እቶም ፋሕ ዝበሉ ተኣኪቦም ክፈትሕዎ ይኽእሉ እዮም በሃልቲ እና።

ሓ/ ካልእ ዓቢ ኣቓልቦ ክግበረሉ ዝግባእ፥ እቲ ብሓፈሻ ጥርናፈ ደምበ ተቓውሞን ሲቪካዊ ማሕበራትን ዝሓወሰ ዝምልከት ጉዳይ እዩ። እዚ ብሰለስተ መንገዲ ክረጋገጽ ይኽእል።

1- ንቻርተር ኤዲኪ ዝቕበላ ውድባትን ፖሊቲካዊ ምንቅስቓሳትን ናብኡ ክጽምበራ።
2- እተን ንቻርተር ኤዲኪ ዘይቅበላ ውድባት ድማ ብመንገዲ ዘተታት ምስ ኤዲኪ ብምርኻብ ሃገራዊ ዋዕላ ናይ ምግባር ዝሕግዝ ተበግሶ ክወስዳ።
3- ሲቪካዊ ማሕበራት እውን ናጻ ናይ ገዛእ ርእሳን ስታቱስ ስለ ዘለውን ምስ እዚ ክልተ ሽነኻት ብምዝታይ ኣብቲ ዝግበር ዋዕላ ክሳተፉ ምጽዓር።
4- ካብዚ ናይ ሓባር ዋዕላ ድማ ንኹሉ ዝጥርንፍ ውድባ ክግብር ይከኣል።

ሃገራዊ ዋዕላ ንምግባር ቡዙሕ ከቢድ ኣይኮነን። ከም ቅድመ ኩነት እንታይ ክማላእ ኣለዎ ንዝብል ሕቶ፡ መልሱ፥ ቅንዕናን፡ ጽቡቕ ድልየትን፡ ቅሩቡነትን፡ እታ ቅድሚ ውልቃዊ ድልየታትካ፡ ጥቅሚ ህዝብን ሃገርን ምቕዳም ትብል ጭረሖ ካብ መዓሙቕ ልቢ ዝመንጨውት ምስ እትኸውን እዩ።

ዓወት ንቃልሲ ህዝብታት ኤርትራ።
ውድቀት ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግድፍን ዓንገልቱን።
ዘለኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና።
ንቕድሚት ክሳብ ዓውት።

ደሞክራሲያ.ኦርግ
05.10.2007